ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጓዓዝያን ከተማ ሰቲት ሑመራ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃን ዲዛንን ኮንስትራክሽንን ኣብ በጀት ዓመት 2012 ዓ/ም ዋንነቱ ናይ ካሕሳይ ኣበራ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ዝኮነ ኣብ ከተማ ሰቲት ሑመራ ኣብ ቀበሌ 04 ናይ ሓፁር ስራሕቲ ደረጃ 8ተ ብብርኪ ፍቃድ ደቀቅቲ ንግዲ ትካላት ማሕበራት ኮንስተራክሽን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጥቅምቲ 24, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 18, 2012 3:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000
- ቦታ:ሰቲት ሑመራ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 18, 2012 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

ስለዚ ክትሳተፉ እትደልዩ ተጫረቲ ነዞም ረቋሕታተ ኣማሊእኹም ንክትወዳደሩ ንዕድም።

1 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሐደሰ ብት ፅሕፈት ኣናእሽተይን ደቀቅቲን ንግዲ ትካላት ዝተውሃበ ብርኪ ትካል ወረቀት ምስክር፤

2 ናይ ስራሕ ተኮናተርቲ ዝተዉሃበ ምዝገባ ካርድ፤ ንግዲ ስራሕ ፈቃድ መቅረባይት ምዝጋባ ሰርተፊኬት ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ምዝገባ ምስክር ወረቀት ናይ ዝሐለፈ ወርሒ ተወሳኪ እሴት ታክስ ፀብፃብ ዝገበርክምሉ ምስክር ወረቀት

3 መኸበሪ ጨረታ 10000 .00/ዓስርተ ሽሕ ቅርሺ/ ዉሕስና ብብሄራዊ ባንኪ ኢትዩጰያ ካብ ዝተፈቀደሎም ዝተፈለጡ ባንክታት ዝዉሃብ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ናይ ባንኪ ዉሕስና ናይ ገንዝብ ክፍሊት መዘዚ ማለት እዉን ስፒኦ ወይ እዉን ብጥረ ገንዝብ ከቅርበ ዝክእል

4ናይቲ ተጫረቲ ናይ ዝተጫረትሉ ፕሮጀከት ስራሕቲ ሳይት ካብ ዝተረክበሉ ዕለት ጀሚሮም ኣብ ዉሽጢ 180 ተኸታታሊ መዓልቲታት ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሙ ከረክብ ዝክእል

5 ተጫረቲ ብቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንገድን መጓዓዝያን ወረዳ ሰቲት ሑመራ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ 200.00 ቅርሺ ብምኽፋል ካብ 21/02/2012ዓ/ም ጀሚሩ ካብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጎዓዝያን ከተማ ሰቲት ሑመራ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃን ዲዛንን ኮንስትራክሽንን ቢሮ ቁፅሪ 3ተ ምውሳድ ይኽእሉ እዮም።

6 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ሰነድ ጨረታ ሐደ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ኣናእሽተይን ደቀቅትን ንግዲ ትካላት ወረቀት ምስክር ፣ናይ ንግዲ ምዝገባ ወረቀት ምስክር፣ ፍቃድ ንግዲ ስራሕ፣ ናይ ኮንስትራክሽን ተኾናታራይነት፣መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታት ብምዕሻግ መሊሶም ኩሎም ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ልዕሊኡ ስም ዝጫረትሉ ፕሮጀከት ስምን ኣድራሽን ብዝረኣይ ቀለም ብምፅሓፍ ነቲ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ኣብ ቢሮ ቁፅሪ 3 ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክሳብ 08/03/2012 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ቅደሚ ቀትሪ ብኣካል ብምምፃእ ከእትዉ ይክእሉ እዩም።

7 ተጫረቲ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ዝቀርቡ ቅጥዕታት ብትክክል መሊኦም ኣብ ነብሰ ወከፍ እቲ ሰነድ ፈሪሞምን ሓቲሞምን ቅደም ሰዓብ እቲ ሰነድ ከይአዛብዑ እቲ ሰነድ ከምቲ ክሸየጥ እነተሎ ዝነበረ ከየጎደሉ ከቅርቡ አለዎም።

8 እቲ ጨረታ ኩሎም ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ 18/03/2012 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:00 ቅደሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ልክዕ ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጎዓዝያን ከተማ ሰቲት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ሑመራ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃን ዲዛንን ኮንስትራክሽንን ቢሮ ቁፅሪ 3 ይክፈት።

9 እቲ ከይዲ ስራሕ ካሊእ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ- በኣካል ናብ ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስተራክሽንን መንገድን መጎዓዝያን ከተማ ሰቲት ሑመራ ህንፃን ዲዛንን ኮንስትራክሽንን ብኣካል ብምምፃእ ወይ ብስ.ቁፅሪ 0344-480020

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle